ኮቪድ-19

Ohio Department of Health

# ክታበታት ኮቪድ-19

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት (FAQ) ንወላዲ (ወለዲ)፣ ሕጋዊ መጉዚት፣ Pfizer ክታበት ንምርካብ ብቑዓት ዝኾኑ ዕድሜኦም 12-17 ንዝኮኑ መንእሰያት

**ሕቶ፡ ንቆልዑ ወይ መንእሰያት ዝኾኑ ክታበታት ኣለዉ ዶ?**
**መልሲ፡** እወ። ኣብ ውሽጢ ዩናይትድ ስቴትስ፣ ዕድሚኦም 12ን ካብኡ ንላዕሊ ንዝኾኑ ሰባት፡ ሓደ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣብ ጥቕሚ ንክውዕል ካብ ምምሕዳር መግብን መድሃኒትን ኣሜሪካ (FDA) ፍቓድ ዝረከበ ኮይኑ፣ እዚ ድማ ክታበት Pfizer እዩ። ክታበት Pfizer ኣብ ታሪኽ ካብ ዘጋጠሙ ዓበይቲ ናይ ክሊኒካል ፈተነታት ሓደ ኰይኑ፣ ልዕሊ 43,000 ወለንተኛታት ተሳተፍቲ ነይሮምዎ። ካልኦት ድሉዋት ክታበታት ድማ Moderna ን ከምኡ'ውን Johnson & Johnson ኮይኖም ዕድሚኦም 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊ ንዝኾኑ ሰባት ክወሃቡ ተፈቒዶም ኣለው።

**ሕቶ፡ ናይ ወለዲ/መጉዚት ፍቓድ የድሊ ድዩ?**
**መልሲ፡** እወ። ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዘይወጹ ቆልዑ ዝኾነ ዓይነት ክታበት ንኽወሃቦም ናይ ወለዲ ወይ ከኣ ናይ ሕጋዊ ሞግዚት ፍቓድ ክህልዎም ይግባእ። እቲ ክታበት ኣብ ቤት ፅሕፈት ሓኪም ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ምስ ቤት ትምህርቲ ተኣሳሲሩ ዝተዋደደ ክሊኒክ ወይ ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ እንተዘይወሂቡ፣ ብሓፈሻኡ ወለዲ ወይ ሕጋዊ ሞግዚት ነቶም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ኣሰንዮም ነቲ ክታበት ክወስዱ ይግባእ።

**ሕቶ፡ ክታበታት ኮቪድ-19 ዉሑሳትን ኣድማዕቲን ድዮም?**
**መልሲ፡** እወ፣ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ውሑስን ውፅኢታውያን እዮም። ብመሰረት ምምሕዳር መግብን መድሃኒትን ኣሜሪካ(FDA)፣ ዕድሜኦም 12-15 ንዝኮኑ መንእሰያት ኣብ ዝተገበረ ናይ ክታበት Pfizer [ክሊኒካዊ ፈተነ](https://) ፣ ክታበት Pfizer ኣብ ዝተውሃቦም 1,100 ቆልዑ ዜሮ ናይ ኮቪድ-19 ኬይዛት ኔሩ፣ ኣብ ጉጅለ ፕላሴቦ ንዘለዉ 1,100 ህጻናት ድማ 16 ኬይዝ ተረኪቡ ኔሩ። እቲ ፈተነ ከም ዘረጋገጾ ፡ እቶም ዝተኸትቡ መንእሰያት ኣብ ደሞም ልዑል መጠን ኣንቲ ቦዲስ/ጸረ-ነፍሳት ስለ ዘገበሩ ሓያል ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከም ዘጥረዩ ይሕብር።

**ሕቶ፡ እዚ ክታበት እዚ ንክሰርሕ ክንደይ ግዜ ይወስደሉ?**
**መልሲ፡** ፕፋይዘር ክታበት ናይ ክልተ ተኸታተልቲ ዶዝ እዩ ። እቲ ካልኣይ ዶዝ ድሕሪ እቲ ቀዳማይ ዶዝ ኣብ 21 መዓልቲ (ሰለስተ ሰሙን) እዩ። ዝለዓለ ሓለዋ ንምርካብ ክልቲኦም ደፍተር የድሊ። ሓደ ሰብ ድሓሪ ኽልተ ሰሙን ድሕሪ እቲ ካልኣይ ዶዝ ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣለዎ።

**ሕቶ፡ ጎናዊ ሳዕቤናት ናይ ኮቪድ - 19 ክታበታት እንታይ ኢዮም?**
**መልሲ፡** እቶም ቀንዲ ልሙዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣብቲ መርፍእ ዝወግኣሉ ቦታ ከም ምቑሳል፣ ምቕያሕ፣ ወይ ምሕባጥ፤ ረስኒን ወይ ዛሕሊን፥ ሕማም ርእሲ፣ ድኻም፣ ከምኡዉን ቃንዛ ጭዋዳ ወይ መላግቦ። እዚኦም ጎናዊ ሳዕቤናት ልሙዳትን ከምኡዉን ንዓኹም ካብ ኮቪድ - 19 ንምሕላው ምልክት ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ስርዓተ ምክልኻል ኢዮም። ጎድናዊ ሳዕቤናት ከምቲ ልሙድ ንቁሩብ መዓልታት ጥራይ ኢዩ፣ ምስ ካልኣይ ዶዝ ድማ ክወስኹ ይኽእሉ።

**ሕቶ፡ ክታበታት ኮቪድ-19 ናይ ሓደ ሰብ ዲኤንኤ ክቕይርዎ ድዮም?**
መልሲ፡ ኣይፋሉ። [ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት](https://) ናይ ሓደ ሰብ ዲኤንኤ ኣይቕይርን እዩ። ናይ Pfizer ክታበት መልእክተኛ ኣርኤንኤ (mRNA) ክታበት እዩ። ኣካላትና ነቲ ኮቪድ-19 ዘምጽእ ኣብ ቫይረስ ዝርከብ ዘይጓዳእ ጽፍሒ ወይ "ስፓይክ" ፕሮቲን ክፈጥር መምርሒታት ይህብ፤ ኣካላትና ነቲ ፕሮቲን ዘጥፍእ ኣንቲ ቦዲስ ብምህናጽ ግብረ መልሲ ይህብ።

**ሕቶ፡ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ኣብ ውሽጢ ሰባት ናይ መከታተሊ ማይክሮቺፕ ኣብ ሰባት ይተኽሉ ድዮም?**
መልሲ፡ ኣይፋልን፣ ናይ ክታበታት መርፍእ መከታተሊ ማይክሮቺፕ ኣይብሉን።

**ሕቶ፡ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት መኻንነት የስዕቡ ድዮም ወይስ ኣብ መጻኢ ፍርያምነት ናይ ሓደ ቆልዓ ጽልዋ ኣለዎም?**
መልሲ፡ ኣይፋልን። ኣብዚ እዋን 'ዚ ዝኾነ ዓይነት ክታበት እንከላይ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ናይ ፍርያምነት ጸገም ከምዘስዕብ ዘረድእ ጭብጢ የለን።

**ሕቶ፡ ከመይ ገይረ ቈጸራ ክገብር እኽእል? መንእሰያት ኣበይ ክኽተቡ ይኽእሉ?**
መልሲ፡ ኣብ መላእ'ዛ ስተይት መንእሰያት ክኽተቡሉ ዝኽእሉ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ቦታታት ኣለዉ፣ እዚ'ውን ናይ ህጻናት ኣብያተ-ጽሕፈት፣ ናይ ክታበት ክሊኒካት፣ ከባብያዊ ጥዕና ክፍልታት፣ ሆስፒታላት፣ ማእከላት ጥዕና ሕብረተሰብን ካልእን የጠቓልል። ይኹን'ምበር ወለዲ ናይ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ብምኽንያት ህሉው ሕጊ ስተይት 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑን ኣብ ቤት-መድሓኒት ክኽተቡ ዝእዝዝ ትእዛዝ ክወሃቦም ከምዘለዎም ክምከሩ ይግባእ፤ <u>ብዘይካ</u> ኣብ ፋርማሲ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም። ዕድሜኦም 13 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊን ዝኾኑ መንእሰያት ናይ ሓኪም ትእዛዝ ኣየድልዮምን ከምኡውን ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣብ ቤት-መድሓኒት ወይ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ ዝተዘርዘሩ ዝኾነ ወሃቢ ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ፡ [gettheshot.coronavirus.ohio.gov](https://gettheshot.coronavirus.ohio.gov)። ዕድሜኦም 7-12 ንዝኮኑ መንእሰይ ናይ ኮቪድ -19 ወይ ናይ ኢንፍሉዌንዛ ክታበት ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ኣብ ፋርማሲ ንክኽተቡ ዝፈቕድ ሕጊ እናተዳለወ እዩ። ኣብዚ ክሊ ዕድመ እዚ ንዝነብሩ ድማ ንካልኦት ኩሎም ክታበታት ዝኸውን ትእዛዝ መድሃኒት ምውሳድ የድሊ። ኣባላት ባይቶ ተወከልቲ ህዝቢ ኦሃዮን ሰኔት ኦሃዮን ነቲ ቢል ኣሕሊፎምዎ ኣለዉ። እቲ ዋና ኣማሓዳሪ ግዝኣት ነቲ ቢል ምስ ፈረመ፣ ብኡብኡ ናብ ተግባር ይኣቱ።

**ሕቶ፡ ደቀይ ቅድሚ ናይ ክታበት ቈጸራኦም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?**
**መልሲ:** ክታበት ቅድሚ ምርካብካ፣ መግቢ ብላዕ ብዙሕ ማይ ድማ ስተ። እዚ ብፍላይ ንህጻናትን ኰተቴን ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ዝኾነ ክታበት ድሕሪ ምውሳድ ኣብ ኣባጽሕ ካብ ዓበይቲ ንላዕሊ ሃለዋት ምጥፋእ ብብዝሒ ከምዝረኣይ ብ CDC ይገለጽ። እንተተኻኢሉ ቅድሚ ቆጸራ ኣብ ዘላ ለይቲ ብዙሕ ዕረፍቲ ውሰድ። ነቲ ቅልጽም ብቐሊል ንምርካብ ድማ ሓጺር እጅገ ዘሎ ወይ እጅገ ዘይብሉ ካምቻ ግበረሉ። ዝሕል ዝበለ መዓልቲ እንተኾይኑ፣ ቀጸላ ዘለዎ ካርዲጋን ወይ ጃኬትን ቀልጢፍካ ከተውጽኦም ቀሊል እዩ።

**ሕቶ፡ ውሉደይ ይጭነቕ እንተ ኣልዩ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?**
**መልሲ፡**እቲ መርፍእ ቅድሚ ምውጋኡ ቀስ ኢሉን ኣዕሚቑካን ከተንፍስን ብዛዕባ ዘዛኒ ነገር እውን ንክሕሰብ ሕተቶ። ናብ ስሪንጋ ክጥምቱ የብሎምን፣ ነቲ መርፍእ ዝወሃበሉ ቅልጽም ድማ ከፎክስ ይግባእ። ወለዲ ደቆም ነቲ ክታበት ምእንቲ ኺዳለወሉን ነቲ ተመክሮ ውጥረት ከም ዝንኪ ምእንቲ ክገብርን ቀሊል ስጉምቲ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። ደቆም ክታበት እናረኸቡ ከለዉ ኣዕሚቖም ኺስተንፍሱ ብምዝኽኻር ጭንቀቶም ኬህድኡ ወይ ድማ ምስኦም ብምዝራብ ናብ ካልእ ከም ዘስግል ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።

**ሕቶ፡ ብዛዕባ ክታበት ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብዙሕ ወረታት ርእየ እየ። ኣየናይ ሓቂ ምዃኑ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል?**
**መልሲ፡** ኢንተርኔት ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ሓደገኛ ዝኾነ ግጉይ ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ፣ እንታይ ከም እትኣምን ምፍላጥ ድማ ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ዝበለጸ ክትገብሮ እትኽእል ንገዛእ ርእስኻ ብዛዕባ እቶም ክታበታት ካብ እሙናት ምንጭታት ብዝረኸብካዮ ሓበሬታ ምምሃር እዩ። ካብ CDC ኣብዝወጸ ፅሑፍ ዘተኣማምን ሓበሬታ ክታበት ንምርካብ ዝያዳ ፍለጥ፣ ከምኡ ድማ ኣብዚ ናይ ኦሃዮ ክፍሊ ጥዕና ገጽ ናይ መርበብ ሓበሬታ ድማ ጽውጽዋያት ካብ ሓቅታት ፍለይ።

## ብዛዕባ ኮቪድ-19 ተወሳኺ ሕቶታት ኣሎኩም ዶ?

ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት | ጽውጽዋይ ምስ ሓቅታት | ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ቅድሚ ምርካብካ፣ ኣብ እዋን ክታበትን ድሕሪ ክታበት ክፍለጥ ዘለዎም ነገር

*ዝተመሓየሸሉ ዕለት፡ ጉንበት 12/2021።*